Svensk-Eritreanskt Riksförbund för Rättvisa och Mänskliga Rättigheter
ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ንፍትሕን ሰብኣዊ-መሰላትን
جمعية ارترية سويدية للعدل وحقوق الانسان.
Swedish-Eritrean National Association for Justice & Human rights

# ዓንዲ-ሕጊ
# ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ንፍትሕን ሰብኣዊ-መሰላትን

ጥቕምቲ 27 / 2019

# ዓንቀጻት ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ

## መቕድም

ከም ልምዲ፡ ውልቀ-ሰባት ከም ወጻእተኛታትን ስደተኛታትን፡ ኣብታ ተሰዲዶም ዝነብሩላ ሃገር፡ ንዘጋጥሞዎም ዘይተኣደኑ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጣባዊን ሕጋዉን ብድሆታት፡ ዝወሃቦም መሰላት ብምጥቃም፡ ብሕጋዊ መንገዲ ክብድህዎምን፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ሕብረተሰብ እዉን ብሕጋዉን ሃናጽን መንገዲ፡ ኣበርክትኦምን ጽልዉኦምን ክብዝሑ፡ ብማሕበር ይጥርነፉን ይሰርሑን። ንሕና ነበርቲ ሽወደን ኤርትራዉያን እምበኣር፡ ነዚ ብምግንዛብ፡

- ምዕቃብ ኤርትራዊ ክብርታትን፣ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከምኡ'ውን ብኣህጉራዊ ሕጋጋት ምጥቓምን ምክልኻልን መሰረታውያን ባህላዊ መሰላትን ክብርታትን ኣድላይ ምዃኑ ብምግንዛብ፣
- ርትዓውነት ዝለዓለ ተገዳስነት ንሰብኣዊ ክብርታት ዝጠልብ ምዃኑ ብምርዳእ፣
- ኣብ ሽወደን ዘሎ ሓጋዝን ውጽኢታውን ሃዋሁ ብምግንዛብ ንዝርኸብ ዕድላት ምጥቃም ኣድላይ ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፤

ንሕና ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት (ኩርንዓት) ሽወደን እንነብር ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ንኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ዝጥርንፍ ማሕበር ንምስርት ኣሎና።

## ትርጉምን ምሕጻረ-ቃላትን

ኣብዚ ቅዋም ሰፊሮም ዘለው ቃላትን ሓረጋትን ነዚ ዝስዕብ ትርጉም ይህልዎም።

- "ቅዋም" ማለት ኩሉ ሕጋጋት እዚ ጽላል ማሕበር ዝመሓደረሉ ዝሓዘለ ሰነድ ማለት እዩ።
- "ጉባኤ" ወይ "ዓመታዊ ጉባኤ" ማለት ኩሎም ወይ'ውን ዝበዝሑ ኣባላት ማሕበር ዝሳተፍሉ ዓመታዊ ኣኼባ እዩ።
- "ማሕበር" ማለት እዚ ንኹለን ማሕበራት ከተማታት ጠርኒፉ ዘሎ ጽላል ማሕበር ማለት እዩ።
- "ኣባል" ማለት ኣብ ዝተፈላለይ ኩርንዓት ብከተማ / ከባቢ ዝቖመ ጥርናፈ እዩ።
- "ሓጋጊ ኣካል" ማለት ንማሕበር ዝመርሕን ዝከታተልን፡ ውሳኔታት ዘሕልፍን ወግዓዊ ኣካል ማለት እዩ።
- "ፈጻሚ ሽማግለ" ማለት ስራሕን ንጥፈታትን ማሕበር ዘካይድ ኣካል እዩ።
- "ኣኼባ" ማለት ኣካየድቲ ማሕበር ንንጥፈታት ማሕበር ንምዝታይን ንምስላጥን ሓበሬታታት ምስ ሓፋሽን ኣባልን ንምልዉዋጥ ዝጥቀሙሉ ወግዓዊ ናይ ርክብ ኣገባብ ኢዩ።
- ካልእ ኣብዚ ዘይተጥቕሱ ቃላትን ሓረጋትን ኩሎም ንትርጉም ብዝምልከት ምስ ዝርከብዎ ዓንቐጽን ንዕላማታት ማሕበር ብዘይጻረርን መገዲ ክትርገሙ ይግባእ።
- ኣናብባ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ኣብዚ ቅዋም ሰፊሩ ዘሎ ሓሳባት ንክልቲኡ ጾታ ብማዕረ ይምልከት።

# ክፍሊ I. ሕጋውነት

## ዓንቀጽ 1 ስምን ኣርማን

**1.1** እዚ ማሕበር፡ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ንፍትሕን ሰብኣዊ መሰለን’ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**2.1** ኣርማ ማሕበር፡ ሓጋጊ-ኣካል ንድፊ ናብ ማሕበራት (ከተማታት) ድሕሪ ምቕራብ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 2 ቤት ጽሕፈት

ዋና ቤት ጽሕፈት ኣብ ስቶክሆልም ይኸዉን።

## ዓንቀጽ 3 ሸቶ

ሸቶ ማሕበር፡ ርድኢት ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ምዕባይ፣ ዘድሊ ሓገዛት ንምብርካት ምዉህሃድ፡ ዝግባእ መሰላት ሓገዝ ክርከብ መሪሕ ተራ ምጽዋት፣ ኤርትራውያን ክብርታት ምቕላሕ፣ ዲሞክራስያዉያን ኣተሓሳስባታትን መሰላትን ምስራጽ፤ ከምኡ እዉን ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን ጽልዋ ምሕዳርን ኣበርክቶ ምዕዛዝን።

## ዓንቀጽ 4 ዓይነት

እዚ ማሕበር መኸሰብ ዘይብሉ ትካል ኮይኑ፡ ሰላማዊ ንጥፈታትን ተበግሶታትን ንምሕያልን ንምትግባርን ብዓንደ-ሕግን ኣብዚ ብዝርኸቡ ዓንቐጻት ይመሓደርን ብሕጋዊ መንገዲ ዕላማኡ የዘሰላስል ኮይኑ፡ ካብ ጸግዒ ሃይማኖትን ፓለቲካዊ ዉደባትን ዝኾና ማሕበራት ናጻ እዩ።

## ዓንቀጽ 5 ሃብቲ

**5.1** ኩሉ ሃብቲ ናይ ማሕበር ካብ ወፈያ፡ ሓገዝ፡ ክፍሊት ኣባላትን ካልእ ብሕጊ ዝፍቐድ ኣታውን ዝርኸብ ይኸውን።

**5.2** ብዘይካ ምስቶም ኣብ ክፍሊ II ዝተጠቕሱ ናይ ማሕበር ዕላማታት ብዝሳነ መገዲ፡ ኩሉ ኣታዊ ይኹን ንብረት ማሕበር፡ ንውልቓዊ ጥቕሚ ኣባላት ወይ’ውን ካልእ ሰብ፡ ወይ ትካላት ክውዕልን ክከፋፈልን ኣይፍቐድን።

## ዓንቀጽ 6 ሕጋዊ ሰብነት

እዚ ማሕበር፡ ብስምምዕን ናጻ ድሌታት ኣባልነት ዝተፈላለያ ኣብ ሙላእ ሽወደን ዝተጠርነፋ ማሕበራት-ከተማታት ዝቖመ ከም ሙኺኑ መጠን፡ ቀጻልነቱ ዝተሓለወን ውሑስን ኮይኑ፡ ብስምምዕን፡ ብመሰረት ኣብ ጉባኤ ዝረቐቐ ቅዋም ማሕበር፡ ብውሳኔ ክልተ ዓመታዊ ጉባኤ ጥራሕ ክፈርስ ይከኣል።

# ክፍሊ II. ዕላማታት

## ዓንቀጽ 7 ዕላማታት

ማሕበር ዝተመስረተሉ ዕላማታት፡

**7.1** ኩሎም ኣብ ሽወደን ዝርከቡ ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ማሕበራት ዝሓቁፍ ጽላል ማሕበር ምምስራት። እዚ ድማ ናይ ልዝብን ዘተን መድረኽ ብምጥጣሕ፡ ሽወደናውያን-ኤርትራውያን እጃሞም ከበርክቱ፡ ምዉህሃድን፡ ኣብ ህንጻት ዲሞክራሲ ኣስተዋጽኦ ዝገብር ማሕበር ምምስራት፡ ንኹሎም ክኢላታት፡ ዲሞክራሳዊ ሓይልታት፡ ሲቪካዉያን ማሕበራትን፡ ተጣበቕቲ መሰላትን ናብዚ መድረኽ ንምዕዳምን እዩ።

**7.2** ንህዝባዊ ዕማም ዘገልግልን፣ ሓድነት ዘረጋግጽን ስኡይ ጽላል ምምስራት።

**7.1** ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ዜጋታት ኣድልዎ ከየጋጥሞም ውሕስነት ምፍጣርን፡ ብዛዕባ መሰላቶምን ግቡኣቶምን ጉቡእ መረዳእታ ከምዘሕድሩ ምግባር።

**7.2** ኣብ ውሽጢ ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ነበርቲ ሽወደን ማዕርነት ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ከምዝድንፍዕ ምግባር።

**7.3** ናይ ስራሕ ሓበሬታታት ብምዝርጋሕ ኤርትራውያን ኣብ ምዕባለ ሽወደን እጃሞም ከምዘበርክቱ ምግባር።

**7.4** ንሓደስቲ መጻእቲ ሽወደናውያን-ኤርትራውያን ደገፍ ብምሃብ፡ ምስ ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ከምዝወሃሃዱ ብምግባር፡ ቑቡልን ጥዑይን ሂወት ክመርሑ ምሕጋዝን፡ ካብ ኣድልዎን ተነጽሎን ነጻ ክኾኑ ምግባርን።

**7.5** ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ናይ ሉዑል ትምህርትን ስራሕን ባህግታቶም ንምብርባርን፡ ብኡ ኣቢሎም ድማ ኣብ ዕብየት ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ኣበርክቶ ንምግባር፡ ኣስተምህሮታት፣ ዘተን ሰሚናራትን ምድላዉ።

**7.6** መደባት ምሕያል ዲሞክራስያውያን ትካላት ኤርትራ ንክሕይሉን ክድንፍዑን ሽወደን እጃማ ንክተበርክትን ክትተሓጋገዝን ምስራሕ።

**7.7** ንመሰላት መናእሰያትን ሕጻናትን ኣብ ምርግጋጽ ምዕያይ።

## ዓንቀጽ 8 <u>ዕማማት</u>

እዚ ማሕበር ዕማማቱ በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት የረጋግጽ፡

**8.1** ኣብ ምሕላውን ምርግጋጽን መሰረታውያን መሰላት ኤርትራውያን ኣብ ሽወደን፣ ምስ ተገዳስነት ዘለዎም ውልቐ-ሰባት፣ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ትካላትን ማሕበራትን ምትሕግጋዝ፣ ዝምድናታት ስራሕ ምምዕባልን ምሕያልን።

**8.2** ናይ'ዚ ማሕበር ዕማማት (ንጥፈታት) ንምልላይ፡ ምስ ናይ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን መራኸቢ ብዙሓን፡ ዝምድናታት ስራሕ ምፍጣር።

**8.3** ዋዕላታት፣ ሰሚናራትን ዓውደ-መጽናዕትታት ምውዳብን፡ ሕትመታት ምትብባዕን።

**8.4** ብብእዋኑ ንማሕበራዊ ኩነታት ኤርትራውያን፣ ማሕበር ኣብ ሽወደን ዘሰላሰሎም ንጥፈታትን ውጽኢታቶምን፡ ንዝምልከቶም ጸባጻባት ምቅራብ።

**8.5** ንሕጋውን ማሕበራውን ኩነታት ኤርትራውያን ተቀማጦ ሽወደን ዝምልከት መዝገብ ሓበሬታ (Database) ምስ ሕጊ ሽወደን (GDPR, The General Data Protection Regulation) ብዘይጻረር መገዲ ምድላው።

# ክፍሊ III. ኣባልነት

## ዓንቀጽ 9 <u>ኣባልነት</u>

**9.1** ኣባልነት ተራ ኮይኑ፡ ንቅዋምን ካልኦት ሕግታት ጽላል ማሕበር ንዝቕበሉ ዝወሃብን መሰል ዘውሕስን ይኸዉን።

**9.2** ተራ ኣባልነት ንኹሎም ኣብ ሽወደን ዘለዉ ማሕበራት ክፉት ኮይኑ ብማሕበር እምበር ብዉልቂ ኣይከውንን።

**9.3** ዝኾነ ጉጅለ ወይ'ውን ውዳብ፡ ንዝነብረሉ ከተማ ወኪሉ፡ ሕግታት ማሕበር ኣማሊኡ፡ ተራ ኣባልነት ኣብ'ዚ ማሕበር ክህልዎ ክሓትት ይኽእል።

**9.4** ዝኾነ ኣባል ሓጋጊ ሽማግለ ማሕበር ክኸውን ዝከኣል ኮይኑ፡

- **i.** ካብታ ዝነብረላ ከተማ ወይ ከባቢ ተመሪጹን ተወኪሉን ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ማሕበር ዝሳተፍን፡
- **ii.** ንዕላማታትን ሸቶታትን እዚ ማሕበር ዘለዎ ተወፋይነት፡ ብግብራዊ ተሳታፍነትን ዘረጋገጸን ይኸውን።

**9.1** ፈጻሚ ሽማግለ ነቶም ኣብ ምዕዋት ዕላማታት'ዚ ማሕበር ግሉጽ እጃም ዘበርከቱ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ናይ ክብሪ ኣባልነት ክፍቅድ ዝከኣል ኮይኑ፣ ዕዱም ናይ ክብሪ ኣባልነት ብወግዒ ምስ ተቐበለ ጥራሕ ተግባራዊ ይኸውን።

**9.2** ኣባልነት ዝቛረጸሉ ኩነታት፡

- **i.** ኣባልነት ምስሓብ፤ ኣባል እንተወሓደ ክልተ ወርሒ ቅድሚ ዓመታዊ ጉባኤ ብጽሑፍ ካብ ማሕበር ብወለንታ ምስሓቡ ከመልክት ይግባእ። ጉባኤ ክሳብ ዝግበር ኣብ ዘሎ ግዜ ግን፡ ሓጋጊ ኣካል ይዉስን።
- **ii.** ኣባል ብምኽኑይ ወይ ቅቡል መበገሲ ካብ ማሕበር ብውሳኔ ምስዝሰናበት ኮይኑ፣ ኣባል ናይ ምስንባት ውሳኔ ካብ ዝተሓበረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ'ዚ ማሕበር ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
- **iii.** ናይ ኣባልነት ዓመታዊ ክፍሊት ክሳብ ታሕሳስ 31 ምኽፋል ዝነጽግ ኣባል፡ ካብ ማሕበር ከምዝሰሓበ ተወሲዱ ኣባልነቱ ካብ መዝገብ ማሕበር ይስረዝ።
- **iv.** ዝኾነ ኣባል ካብ ማሕበር ብዘይ ዝኾነ ምክንያት ክስጐግ ኣይግባእን፡ ብዘይካ ንዕላማታትን ንጥፈታትን ማሕበር ምስዘየኽብር ወይ እውን ብርግጽ ንረብሓ ማሕበር ምስዝጐድእን።
- **v.** ዝኾነ ንኣባልነት ዝብድህ ናይ ምስጓግ ውሳኔ ይኹን መጠንቐቕታ፡ ንኣባል ኣብቲ ጉዳይ ርእይቶኡ ንክህብ እንተወሓደ ናይ 14 መዓልታት ናይ ግዜ ዕድል ክህብ ይግባእ።
- **vi.** ውሳኔ ካብ ዝተዋህበሉ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ብጽሑፍ ናብ ኣባል ክለኣኽ፡ ምኽንያታት ውሳኔን ኣብ ይግባይ ክከተሎም ዝግባእ መስርሕን ብንጹር ክቐምጥን ይግባእ።

## ዓንቀጽ 10 <u>ምትእስሳር</u>

ኩሎም ነቶም ፍሉጣት ዓንደ-ሕግን ሕጋጋትን ናይዚ ማሕበር ዝቕበሉን ዘኽብሩን ኣባላት፡ ብመንገዲ'ዚ ማሕበር ኣቢሎም ዝተኣኣሳሰሩ እዮም። እንተኾነ ግን ዝኾነ ኣባል ንሕጋዊ ረብሓታት'ዚ ማሕበር ብዘይዕንቅፍን ዘይጐስን መገዲ ምስ ካልኦት ማሕበራት ዝምድናታት ክፈጥር ሓራ እዩ።

# ክፍሊ IV. ቅርጺ ማሕበር

## ዓንቀጽ 11 <u>ኣካላት</u>

እዚ ማሕበር'ዚ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ቀንዲ ኣካላት፣ ማለት ዓመታዊ ጉባኤ፡ ሓጋጊን ፈጻሚ ሽማግለን፣ ኣርባዕተ ንኡሳን ኣካላት፣ ናይ ውሽጣዊ ተቖጻጻሪ፣ ሽማግለ ምስያምን ሓደ ናይ ምኽሪ ጉጅለን ክህልውዎ እዮም።

1. ዓመታዊ ጉባኤ
2. ሓጋጊ ሽማግለ
3. ፈጻሚ ሽማግለ
4. ንኡሳን-ኣካላት
    - **i.** ሽማግለ ጐስጓስን ውደባን
    - **ii.** ሽማግለ መራኸቢ -ብዙሃንን ሓበሬታን
    - **iii.** ሽማግለ መዝገብ ዓቕሚ ሰብ
    - **iv.** ሽማግለ ዳህሳስ ምወላ
5. ውሽጣዊ ተቖጻጻሪ

1. ሽማግለ ምስያም
2. ኣማኻሪ ጉጅለ
3. ናይ ስነ-ስርዓትን ዲሲፕሊንን ሽማግለ

## ዓንቀጽ 12 ዓመታዊ ጉባኤ

**12.1** ጉባኤ፡ ብሕጋዊ መንገዲ ተመሪጾም ዝተወከሉ ኣባላት ማሕበር ዝቖመን ዝካየድን ኮይኑ ዝለዓለ ሕጋዊ ስልጣን ማሕበር ይህልዎ።

**12.2** ጉባኤ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ስሩዕ ኣኼባ፡ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ መጋቢት (03) እንተደንጎየ ድማ 31/03 ይግበር። ሓደ ሲሶ (1/3) ካብ ኣባላቱ ወይ እውን ክልተ ሲሶ (2/3) ካብ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ንጉባኤ ምስ ዝጠልቡ፡ ህጹጽ ጉባኤ ማሕበር ክካየድ ይኽእል። ኮይኑ ግን ፈጻሚት ሽማግለ ነዞም ዝስዕቡ ክተተግብር ይግባእ።

**(1)** ፈጻሚት ሽማግለ፡ ንህጹጽ ጉባኤ ጠለብ ካብ ዝቐረበሉ እዋን ኣብ ውሽጥ 14 መዓልትታት ከፍልጥን ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ጉባኤ ክገብርን።

**(2)** እማመ ናይ ጉባኤ ኣጀንዳ ንኹሎም ኣባላት፡ ኣብ ውሽጢ 21 መዓልትታት ቅድሚ ጉባኤ ብፈጻሚት ሽማግለ ክውሰንን ክለኣኽን ኣለዎ። ፈጻሚት ሽማግለ ነዚ ምስዘየተግብር ግን እቶም ነዚ ጠለብ ዘቕረቡ ነዚ መስርሕ ኣብ 12.2 (2) ዝተጠቕሰ ብምምላእ ህጹጽ ጉባኤ ክካየድ ይከኣል።

**12.3** ምልኣተ-ጉባኤ፡ እንተወሓደ ክልተ ሲሶ (2/3) ካብ ኣባላቱ ምስዝሳተፍዎ ቅቡል ይኸውን። ምልኣተ ጉባኤ ምስ ዘይህሉ፡ ጉባኤ ንኻልኣይ ግዜ ይጽዋዕን 50% + 1 ኣባላት ምስ ዝርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይረጋገጽ። ብድሕሪ እዚ ግን ጉባኤ ብዝተረኽቡ ኣባላት ይካየድ።

**12.4** ዓመታዊ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለትን ቦታን እንተወሓደ ኽልተ ወርሒ ቅድሚ ኣኼባ ብጽሑፍ ክሕበር ይግባእ። ምልክታን ዝተኣመሙ ዛዕባታትን እንተወሓደ ሰለስተ ሰሙን ቅድሚ ዕለት ኣኼባ ብጽሑፍ ይለኣኽ።

**12.5** ዓመታዊ ጉባኤ ነዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ሓላፍነትን ይህልዎ፤

**(1)** ኣባላት ናይ ምቕባልን ምስንባትን

**(2)** ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ፡ ማለት ኣቦ-መንበር፣ ምክትል ኣቦ-መንበር፣ ጸሓፊ፣ ተሓዝ ገንዘብ፣ ናይ ንኡሳን-ኣካላት ኣባላት፣ ተቖጻጸርትን ኣማኻሪ ጉጅለን ይመርጽ።

**(3)** ኣብ ዝቐረቡ ሓፈሻዊ ጸብጻባትን ፋይናንሳዊ መግለጽታትን ይዝትይ፣ ነጥብታት የቐምጥ፣ ይምዝግብን ብድምጺ የጽድቕን።

**(4)** ዓመታዊ ባጀት የጽድቕ።

**(5)** ንጥፈታት ንኡሳን-ኣካላት ብምርኣይ መርሚሩ የጽድቕ ወይ ብምኽኑይ መበገሲ ይነጽግ።

**(6)** ናይ'ዚ ማሕበር ዓንዲ-ሕግን ቻርተን (ስምምዕ) የመሓይሽ።

**12.6** ዓመታዊ ጉባኤ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቱ ብፈጻሚ ሽማግለ ይውከል።

**12.7** ዓመታዊ ጉባኤ ምርጫ ካብ ዝተኻየደሉ ዕለት ንክልተ ዓመት ናይ ምጽናሕ ዕድላት ዝህልዎ ኮይኑ፣ እንተበዝሐ ንሰለስተ ወርሒ ክናዋሕ ተኽእሎ ኣለዎ። ምንዋሕ ግዜ ተግባራዊ ዝኸውን ኩሎም ኣባላት ሓጋጊ ኣካል ዝሰማምዕሉን ዘጽደቕዎን እዩ።

**12.8** ዓመታዊ ጉባኤ ኣብ ኣኼባ ነዞም ዝስዕቡ ይክተልን የሰላስልን፡

**(1)** ንውሓት ግዜ ምርጫን ኣብ ኣኼባ መን ከምረጽ መሰል ከምዘለዎ ምውሳን።

**(2)** ምምራጽ ኣቦ-መንበርን፣ ጸሓፊ፤ ተሓዝ ደቓይቕን ቖጸርትን ድምጺ ናይ ኣኼባ።

(1) ዓመታዊ ጉባኤ ብግቡእ ከምዝተጸውዐ ድሕሪ ምርግጋጽ ዛዕባታት ኣጀንዳ ምጽዳቕ።

(2) ምቕራብ፡

i. ህልው ዓመታዊ ጸብጻብን ፈጻሚ ሽማግለ

ii. ህልው ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ተሓዝ ገንዘብ (ሚዛን ሕሳብ፣ ኣታውታትን ወጻኢታትን ወዘተ) ።

iii. ህልው ዓመታዊ ጸብጻብ ተቖጻጻርቲ ኣብ ንጥፈታትን ፋይናንስን ፈጻሚት ሽማግለ ።

(3) ብመሰረት ጸብጻብ ተቖጻጻርቲ ንፈጻሚት ሽማግለ ካብ ሓላፍነት ምግልጋል።

(4) ክፍሊት ኣባልነት ምውሳን፣ ውጥን ዕማማት ማሕበር ናይ ዝመጽእ ዓመት ባጀት ምቅራብን ምጽዳቕን።

(5) ካብ ፈጻሚት ሽማግለ ዝቐረቡ እማመታትን ብኣባላት ንዝቐርቡ እዋናዊ ርእይቶታትን ምውሳን።

(6) ምምራጽ፡

i. ሰለስተ ተቖጻጻርቲ ምስ ክልተ ተተካእቲ፣ ንሓደ ዓመት ዘገልግሉ። ኣብ'ዚ ምርጫ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ኣይሳተፉን።

ii. ሽዱሽተ ኣባላት ምስያም ሽማግለ ንሓደ ዓመት ዘገልግሉ። ሓደ ካብኦም ከም ጠርናፊ ይስየም።

(7) ብዘይካ ኣብ መጸዋዕታ ንዓመታዊ ጉባኤ ዝተጠቅሱ፡ ካልኦት ጉዳያት ክዝተየሎምን ውሳኔታት ክወሃበሎም ኣይከኣልን።

(8) ኣብ ደቓይቕ ዓመታዊ ጉባኤ ዘይተመዝገቡ ናይ ማሕበር ይኹን ኣባላቱ ውሳኔታትን ካልኦት ጉዳያትን ተፈጻምነት ኣይህልዎምን።

**12.1** ድምጽን ውሳኔታትን

(1) ድምጺ ምሃብ ኢድ ብምልዓል ይኸውን። ኮይኑ ግን ብዙሓት ካብ ተሳተፍቲ ዓመታዊ ጉባኤ ብምስጢራዊ ኣገባብ ክኸውን ምስ ዝሓቱ፡ ድምጺ ምሃብ ብምስጢር ይኸውን።

(2) ኩሎም ውሳኔታት ማሕበር ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ብዝተረኽቡ ኣባላት ብናይ ሓባር ስምምዕ ክውሰኑ ይግባእ። እዚ ስምምዕ'ዚ ምስ ዘይህሉ ግን ናይ ድምጺ ብልጫ ኣገባብ (50+1) ተግባራዊ ይኸውን።

(3) ብዝሒ ብልጫ ድምጺ ፍጹም ወይ እውን ተዛማዲ ክኸውን ይክእል።

(4) ምርጫታት ብተዛማዲ ብዝሒ ድምጺ ብልጫ ዝውሰን ኮይኑ፡ ብዘየገድስ ክንደይ ጠቕላላ ድምጺ ተዋሂቡ እቲ ዝበዝሐ ቑጽሪ ድምጽታት ዝረኸበ ይምረጽ።

(5) ካብ ምርጫ ወጻኢ ንዝግበር ካልእ ጉዳያት ብፍጹም ብዝሒ ይውሰን፡ እዚ ማለት ድማ ልዕሊ ፍርቂ ናይ ዝተዋህበ ጠቕላላ ድምጽታት ክኸውን ይግባእ።

## ዓንቀጽ 13 <u>ሓጋጊ ኣካል</u>

**13.1** ሓጋጊ ኣካል 23 ኣባላትን 2 ተጠባበቕትን ዝሀልዋ ኮይና ኣብ ጉባኤ ትምረጽ።

**13.2** ኣባላት ሓጋጊ ኣካል ካብ ማእከሎም 7 ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ምስ 2 ተጠባበቕን ይመርጹ።

**13.3** ሓጋጊ ኣካል ኣቦ ወንበር፡ ምክትል ኣቦ ወንበር፡ ጸሓፊን፡ ተሓዝ ገንዘብን ማሕበር ይመርጽ።

**13.4** ብዘይካ ተጠባበቕቲ፡ ኩሎም ኣባላት ሓጋጊ ኣካል ይኹን ፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ስሩዕ ኣኼባታት ድምጺ ናይ ምሃብ መሰል ይህልዎም።

**13.5** ስልጣን ሓጋጊ ኣካል እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ፡

(1) ኣብ ሞንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝለዓለ ሓላፍነትን ስልጣንን ዝስከም ወግዓዊ ኣካል ማሕበር እዩ።

(2) ሓጋጊ ኣካል ብኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ይምራሕን ይምእከልን።

**13.1** ዕማማት ሓጋጊ ኣካል እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ፡

**(1)** ብመሰረት ቅዋም ማሕበር፡ እዋናዊ ዉሳኔታት የሕልፍ።

**(2)** ግርጭት ኣብ ዝለዓለሉ ግዜ ሽማግለ ዕርቂ የቕውም።

**(3)** ኣብ ዓመት ብኣካል ወይ እዉን ብኻልእ ኣገባብ እንተወሓደ 4 ግዜ ኣኼባታት የካይድ።

## ዓንቀጽ 14 ፈጻሚ ሽማግለ

**14.1** ፈጻሚ ሽማግለ ብኣቦ-መንበር፣ ምክትል ኣቦ-መንበር፣ ጸሓፊ፣ ተሓዝ ገንዘብን ሓለፍቲ ንኡሳን ኣካላት ዝቖመ እዩ።

**14.2** ፈጻሚ ሽማግለ ብሓጋጊ ኣካል ዝምረጽ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ዓመታዊ ጉባኤታት ዘሎ ግዜ ንዕማማት ማሕበር ናይ ምፍጻም ወይ ምትግባር ሓላፍነት ኣለዎ።

**14.3** ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ካብ 2 ግዜ ንላዕሊ ናይ ምምራጽ መሰል ኣይህልዎን።

**14.4** ፈጻሚ ሽማግለ ንዉሳነታት ዓመታዊ ጉባኤ ብመገዲ ሓጋጊ ኣካል ንምትግባር፡ ኣብ ትሕቲ ዝተዋህቦ ደረት ስልጣንን ይሰርሕ።

**14.5** ተራ ፈጻሚት ሽማግለ ጸጋታት ማሕበር ምምሕዳርን ምእላይን፣ ንዝተሓንጸጹ ስትራተጂካዊ ፖሊሲታትን ብሓጋጊ ኣካል ዝሓለፉ ውሳኔታትን ምስ ዕላማታት ማሕበር ብዝቓዶ መሰረትን ዓመታዊ ጉባኤ ብዘንበሮ እምነትን ምትግባር ይኸውን።

**14.6** ኣብ ማሕበራውን ባህላውን ጉዳያት ንኤርትራውያን ዝምልከቱ ሰሚናራትን ኣኼባታትን ይውድብ።

**14.7** ምስ ካልኦት ውድባትን ውልቀ-ሰባትን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓታት ዝተመርኮሰ ዝምድናታት ምፍጣርን ምትሕግጋዝን፣ ሓበሬታ ምልውዋጥን ሓላፍነት ፈጻሚ ሽማግለ ይኸውን።

**14.8** ፈጻሚ ሽማግለ እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሽዱሽተ ግዜ ብኣካል ወይ'ውን ብካልእ ኣገባባት ኣኼባትቱ የካይድ።

**14.9** ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ብፍቓዱ ምስዝለቕቕ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታዊ ጉባኤ ይትካእ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ፈጻሚ ሽማግለ ሓደ ተሓጋጋዚ ኣባል ሓስብ ናይ ምሃብ እምበር ድምጺ ናይ ምሃብ መሰል ዘይብሉ ክቖጽር ይክእል።

**14.10** ናይ ጉባኤን ምርጫን ዕለት ኣቐዲሙ ኣብ ዝተፈላለዩ መራኸብታት ከም መጸዋዕታ ንህዝቢ ይእወጅ።

## ዓንቀጽ 15 ኣቦ-መንበር

ኣቦ መንበር ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ፈጻሚ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ሓላፍነት ይህልዉዎ፡

**15.1** ዕላዊ ወሃብ ቃል ማሕበር ኮይኑ የገልግል፣

**15.2** ኣኼባታት ፈጻሚ ሽማግለ ይመርሕ፣

**15.3** ንጥፈታት ፈጻሚ ሽማግለ የወሃህድን ይከታተልን፣

**15.4** ምስ ተሓዝ ገንዘብ ብሓባር ንቑጓዲ ሕሳባት ማሕበር ብክታሙ የንቀሳቅስ፣

## ዓንቀጽ 16 ምክትል ኣቦ-መንበር

ኣብ ክንዲ ማሕበር ኮይኑ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ንዝወስዶም ውሳኔታት ብፈጻሚ ሽማግለ ዝጸድቑ፣ ዝረዓሙ፣ ዝንጸጉ ወይ'ውን ዝቅየሩ ኮይኖም፡

**16.1**ምክትል ኣቦ-መንበር ኣብ ዝኮነ እዋን ብርትዓዊ መገዲ ምስ ኣቦ-መንበር ክተሓጋገዝ ይግባእ።

**16.2**ምክትል ኣቦ-መንበር ንበይኑ ብዘይ ፍቓድን መምርሕን ኣቦ-መንበር ኣብ ክንዲ ማሕበር ኣይነጥፍን።

**16.3** ኣቦ-መንበር ብፍሉጥን ግሉጽን ምክንያት ምስ ዝቦክር፡ ምክትል ኣቦ-መንበር ንዝተወሰነ ግዜ ካብ ክሊ ሓላፍነት ናይ ኣቦ-መንበር ከይወጸ፡ ብሕጊ ዝህቦ ሓላፍነት፡ ኣብ ክንዲ ማሕበር ይሰርሕ።

## ዓንቀጽ 17 ጸሓፊ

ጸሓፊ ዕማማት ኣብ ምስላጥ ንካልኦት ሰብ-መዚ ሓገዝ ይሓትትን ዝስዕቡ ብሓላፍነት የተግብርን።

**17.1** ኣኼባታት ብግቡእ ከም ዝውደቡን ከምዝተሓዙን ምርግጋጽ፣

**17.2** ግቡእ ሰነዳን ምሕደራን ምስልሳል፣

**17.3** ንጥፈታት ማሕበር ምስ ዕላማታት ይሳንዩ ምህላዎም ምርግጋጽ፣

**17.4** ፍሉጥን ወግዓውን ርክባትን ምክያድ፣

**17.5** ኣቦ ወንበር ምስ ዘይህሉ፡ ምስ ተሓዝ ገንዘብ ብምኺን ንቐንዲ ሕሳባት ማሕበር ብክታሙ የንቀሳቅስ፣

## ዓንቀጽ 18 ተሓዝ ገንዘብ

ተሓዝ ገንዘብ ምስ ሕሳባት ማሕበርን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ዝምልከት ሓላፍነት ኣለዎ።

**18.1** ናይ ባንክ ሕሳባት ምምሕዳርን ፊናንስያዊ ስርዓት ብግቡእ ይሰርሑ ምህላዎም ምቑጽጻርን ምርግጋጽን፣

**18.2** ግቡእ መዝገብ ምሓዝን ጸብጻባት ንናይ መወልትን ሕጋዊ ኣካላትን ቅጥዕታት የማልኡ ምህላዎም ምርግጋጽ፣

**18.3** ናይ ማሕበር ፋይናንስያዊ መዝገባት ምስ ኣገደስቲ ሕጋጋት ከምዝሳነዩ ምርግጋጽ፣

**18.4** ኣብ ፋይንስያዊ ዛዕባታት ስትራተጂካዊ ናይ ስራሕ መደብ ምኽርታት ምልጋስ፣

**18.5** ስሩዕ ጸብጻብ ፊይናንስያዊ ኩነታት ማሕበር ምቕራብ፣

**18.6** መዝገባት ንተቖጻጸርቲ ምቅራብን ክከም ኣድላይነት ምትሕግጋዝን።

**18.7** ብመሰረት ዓንቀጽ 15.4 ምስ ኣቦ-መንበር፡ ወይ እውን ዓንቀጽ 17.5 ምስ ጸሓፊ ብምኺን ንቐንዲ ሕሳባት ማሕበር ብክታሙ የንቀሳቅስ።

## ዓንቀጽ 19 ንኡሳን ኣካላት

ኩሎም ንኡሳን ኣካላት ሓሓሙሽተ ኣባላት ዘለወን ኮይነን፡ ሓለፍተን ከም ኣካል ፈጻሚ ሽማግለ ይቖጸሩን ዝስዕቡ ሓላፍነታት ይስከማን፡

**19.1** ሽማግለ ጕስጓስን ውዳበን - ኤርትራውያን-ሽወደናውያን ብዘይኣፈላላይን ኣድልዎን ኣብ ናይ ሓባር ዕማማት ወይ ንጥፈታት ንክሳተፉ ምልላይ፣ ምዕዳምን ምውዳብን።

**19.2** ሽማግለ መራኸቢ ብዙሃንን ሓበሬታን - ምይይጥን ውሳኔታትን ማሕበር ምስ ዝተፈላለዩ መራኸቢ ብዙሃንን ብፍላይ ድማ ብማሕበራዊ መራኸብታትን ብምትሕብባር ብስሩዕ፣ ፍኹስ ብዝበለ ኣገባብን ድርኺት ብዘለዎ መገድን ከምዝዝርጋሕ ምግባር።

**19.3** ሽማግለ መዝገብ ዓቕሚ-ሰብ - ኩሎም ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ ኣብዚ ዕማማት ኣበርክቶ ክህልዎም ዝኽእል ሞያውያንን ክኢላታትን ኤርትራውያን-ሽወደናውያን ንምልላይ መዝገብ ዓቕሚ-ሰብ ምሓዝን።

**19.4** ሽማግለ ዳህሳስ ምወላ - ማሕበር ዕማማቱ ብግቡእ ንክሰላሰል ካብ ኤርትራውያን-ሽወደናውያን፣ ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ካልኦት ምንጭታትን ምወላ ምንዳይን ገንዘብ ምእካብን። ሓላፊ እዚ ንኡስ ኣካል ከም ተጠባባቒ ፈጻሚ ኣካል ኮይኑ የገልግል።

## ዓንቀጽ 20 ውሽጣዊ ተቖጻጻሪ

**20.1** ውሽጣዊ ተቖጻጻሪ ንትግባረ ስትራተጂካዊ ውጥናት ፈጻሚ ሽማግለ ክቖጻጸርን ክከታተልን ስልጣን ኣለዎ።

**20.2** ብተሓዝ ገንዘብ ንዝቐረበ ናይ ስራሕን ሕሳብን ዓመታዊ ጸብጻብ ፋይናንሳዊ ምቑጽጻር ይገብር።

**20.3** ብዛዕባ ዕማማቱ ዝምልከት ዝርዝራዊ ጸባጻብ ንዓመታዊ ጉባኤ ብጽሑፍ የቕርብ።

**20.4** ኩሉ ጸብጻባት ናይ ማሕበር እንተደንጕየ ሓደ ወርሒ ቅድሚ ዓመታዊ ጉባኤ ንተቖጻጸርቲ ክበጽሕ ኣለዎ። ተቖጻጸርቲ ብወገኖም ንናይ ፈጻሚ ሽማግለ ምሕደራን ሰነዳትን ብምዕዛብ ንዓመታዊ ጉባኤ ጸብጻብ የረኽቡ።

## ዓንቀጽ 21 ሽማግለ ምስያም

**21.1** ሽማግለ ምስያም ሽዱሽተ ኣባላት ዘለዋ ኮይና ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ብዝምረጽ ሓደ ኣወሃሃዲ ትምእከል። እዛ ሽማግለ ብጠለብ ኣወሃሃዲ ወይ እውን ልዕሊ ፍርቒ ኣባላታ ርክባታ ተሰላስል።

**21.2** ሽማግለ ምስያም እንተደንጉየ 4 ሰሙናት ቅድሚ ዓመታዊ ጉባኤ፡ ኣብ ሓላፍነት ንዝጸንሑ ይኹን ካልኦት ኣባላት ማሕበር ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ ዓመት ንከገልግሉ ናይ ምስያም ሕቶ ወይ እማመ ናይ ምቕራብ መሰል ይህልዋ።

## ዓንቀጽ 22 ኣማኻሪ ጉጅለ

**22.1** ሓደ ናይ ኣማኸርቲ ጉጅለ ብቕዓት ብዘለውዎ ሓሙሽተ ኣባላት ይቐውም። እዚ ጉጅለ ናይ ዓመታዊ ጉባኤ፡ ሓጋጊ ኣካል ወይ እውን ናይ ፈጻሚ ሽማግለ ኣካል ኣይከውንን።

**22.2** ኣማኻሪ ጉጅለ ሓጋጊ ኣካል ናይ ምትሕግጋዝ ምኽሪ ምሃብን ርእይቶታት ምቕራብን ውሱን ተራ ጥራሕ ይህልዎ።

# ክፍሊ V. ምርጫ

## ዓንቀጽ 23 ኣምራጺት ኣካል

ኣምራጺት ኣካል ንመስርሕ ምርጫ ንምስልሳል ኣብ ጉባኤ ብከምዚ ዝስዕብ ትቐውምን ነዞም ዝስዕቡ ግቡኣትን ትስከምን፡

**23.1** ከም ኣምራጺ ኣካል ዘገልግሉ ሓደ ኣወሃሃድን ሓደ ጸሓፍን፡ ብጠቕላላ ሓሙሽተ ተቖጻጸርቲ ኣብ ጉባኤ ዝምረጹ ይኾኑ።

**23.2** ተቖጻጻራይ ሳልሳይ ኣካል ወይ'ውን ተሳታፊ ናይ ጉባኤ ክኸውን ይክእል፡ ኾይኑ ግን ኣብ ምርጫ ከም ሕጹይ ክሳተፍ ኣይክልእን።

**23.3** ተቖጻጸርቲ ብድሕሪ ምቕራብ ሕጹያት ንምርጫ ይምዘዙ።

**23.4** ዘይሻራዊ፣ ፍትሓዊ፣ ውሑሱን ስርዓት ዝሓለወን ምርጫ ምኪያድ፤

**23.5** መስርሕን ውጽኢት ምርጫ ኣገባብን ምሉእነትን ዝሓለወ ክኸውን ምርግጋጽ፤

**23.6** ብዘይካ ኣብ ዓንቀጽ 29 (3) ዝተጠቕሰ፡ ምርጫ ምስተዛዘመን ጉባኤ ንተመረጽቲ ምጽዳቑን፡ ኩሉ ዕማማትን ሓላፍነትን ኣምራጺት ኣካል የብቕዕ።

## ዓንቀጽ 24 ዕማማት ኣምራጺት ኣካል

ኣምራጺ ኣካል እዞም ዝስዕቡ ዕማማት ብሓላፍነት ተሰላስል፡

**24.1** ቐጽሪ ናይ ምምራጽ ዝፍቐድሎም ተሳተፍትን ናይ ምምራጽ ተኽእሎኦምን ይውስን።

**24.2** ናይ ምርጫ መድመጽታት መዓስ ኸፈቱን ይዕጸውን ይውስን።

**24.3** መስርሕ ምሃብ ናይ ምርጫ ድምጽን ወረቓቕትን ይቖጻጸርን ንጉባኤ የቕርብን።

**24.4** ናይ ምርጫ ድምጽታት ይቖጽርን ውጽኢቱ ንጉባኤ የቕርብን።

**24.5** ኣብ ምርጫ ወይ'ውን ምስኡ ዝተተሓሓዘ ሕቶታትን ኣቤቱታን ይሰምዕን ይውስንን።

**24.6** ኩሉ ተግባራት ፍትሓውነት ብዝመልኦ ኣገባብ፡ ምስ ሕግታትን ስርዓትን ከምኡ'ውን ምስ ኣብ ክፍሊ V ዝተጠቕሱ ሕጋጋት ብዘይጻረር መገዲ ምርጫ ምስልሳልን።

## ዓንቀጽ 25 ኣገባብ ምራጫን ሕጹያትን

**25.1** ምርጫ ንተወከልቲ ኣብ ጉባኤ ጥራሕ ዝተሓዝአ ኾይኑ፡ ኢድ ብምልዓል ወይ እውን ኣብ ሕቡእ ናይ ምርጫ ሳንዱቕ ይግበርን።

**25.1** ንምርጫ ዝሕጸ ካብ ወከልቲ ኾይኑ ድሌትን ተቐባልነትን ክህብ ይግባእ።

**25.2** ንጉባኤ ክሳተፍ ዝተወከለ ኩሉ ንምርጫ ነብሱ ክሓጺ ወይ'ውን ንካልኦት ክሓጺ መሰል ይህልዎ።

**25.3** ኣምራጺ ኣካል ኣብዚ ጉባኤ ብኣካል ንዘይተረኽቡ ወከልቲ ንምርጫ ክሓጺ መሰል ዘለዎ ኾይኑ፡ ኣቐዲሙ ሕጹይ ክሕተትን ክቅበሎን ይግባእ።

**25.4** ዝኾነ ናይ ጉባኤ ተሳታፊ ብምኽኑይ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሕጹይ ተቓውሞ ክቐርብ መሰል ይህልዎ።

**25.5** ሕጹይ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ምርጫ ክዝልቅ ይክእል።

**25.6** ምሕጻይ ኢድ ብምልዓል ይኻየድ።

**25.7** ዝኾነ ተሳታፊ ሓደ ግዜ ጥራሕ ንምሕጻይ ዕድል ይወሃቦ።

## ዓንቀጽ 26 ተቐባልነት ሕጹይ

**26.1** ጠባይ፣ ተግባር ወይ'ውን ዝኾነ ካልእ ኩነታት ናይ ሕጹይ ምስ ዕላማን ውጥን ተልእኾ ዘይሳነ ምስዝኸውን፡ ሕጹይ ንምርጫ ከምዘይበቅዕ ተወሲዱ ካብ ምርጫ ይኽልከል። እዚ'ውን ብዕስራን ሓሙሽተን ሚእታዊት ካብ ጉባኤ ደገፍ ክረክብ ይግባእ።

**26.2** ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሕጹይ ንዝቐርብ ኣቤቱታን ክስታትን ንሕጹይ ድሕሪ ምሕባርን ምስማዕን ውሳኔ ይወሃቦ።

## ዓንቀጽ 27 ብዙሕነት

ንምውሓስ ዝሰፍሐ ውክልና፡ ብቕዓትን ተወፋይነትን መሰረት ዝገበረ መስርሕ ምሕጻይን ምርጫን ንብዙሕነት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ።

## ዓንቀጽ 28 ሳንዱቕ ድምጽታት

ኹሉ ብተሳተፍቲ ዝግበር ምምራጽ ካብ ኣድልዎ ንምውሓስ፡ ኣገባባት መስርሕ ምርጫ ብምቕራብ፡ ናይ ድምጺ መውሃቢ ሳናዱቕ ክሳብ ዝቑጸር ዕሹግን ምስጢራውን ይኸውን።

**28.1** ምስጢራውነት ንምዕቃብ፡ ኣብ እዋን ምርጫ መራጺ ብስም፣ ኣድራሻ ወይ'ውን ናይ ምርጫ ወረቐት ኣይልለን።

**28.2** ኣብ ሕግታት ከምዝተጠቕሰ፡ ንኣገባባት ናይ ምርጫ ዘይምስዓብ ንዝተዋህበ ድምጺ ዘይቕቡል ይገብሮ።

## ዓንቀጽ 29 ምቑጻር ድምጺ

**29.1** ኹሉ ዝተዋህበ ድምጺ ብተቖጻጸርቲ ይቑጸርን ናብ ጉባኤ ብግሉጽን ብመገዲ ናይ ምርጫ ተልእኾ ይቐርብን።

**29.2** ዝኾነ ሕጹይ ንምቑጻርን ኣቕራርባን ዝተዋህበ ድምጽታት ክዕዘብ ይክእል።

**29.3** ዝኾነ ሰብ ከምኡ'ውን ኣባል ምርጫ ኣካል፡ ቅድሚ ግዜን ቦታን ናይ ድምጺ ሳንዱቕ ምቑጻርን ንጉባኤ ምቕራብን፡ ንሳንዱቕ ድምጺ መውሃቢ ክኸፍት ወይ'ውን ክምርምር ኣይፍቐድን።

**29.4** ናይ ድምጺ ሳናዱቕ ኣብ ዝምለሱሉን ዝእከቡሉን፡ ተቖጻጸርቲ ንነፍሲ ወከፍ ሳንዱቕ ፈቲሾምን ፈሪሞምን ክቕበሉ ይግባእ። ካብ ዝኾነ ነቑጣ ዝርከብ ቀዳማይ ናይ ድምጺ ሳንዱቕ ኣብ መዝገብ ይሰፍርን ሕጋውነት ይለብስን። ዝኾነ ተወሳኺ ናይ ድምጺ መውሃቢ ሳንዱቕ ከምዘይቕቡል ይውሰድን ይስረዝን።

**29.5** ኩሉ ድምጽታት ተቖጺሩ ውጽኢቱ ንጉባኤ ምስተሓበረ፡ ነዚ ዝጻረር ነገር ክሳብ ዘይተረኽበ ኩሎም ዝተመርጹ ሰባት ከም ኣባላት ሽማግለ ይቑጸሩ።

## ዓንቀጽ 30 ውጽኢት ምርጫ

ናይ ምርጫ ውጽኢት፡

**30.1** ብግቡእ ኣብ ጉባኤ ክሕበርን ኣብ ደቓይቕ ጉባኤ ክምዝገብን ይግባእ።

**30.1** ንተሳተፍቲ ጉባኤ ንምርመራ ክፉት ይኸውን።

**30.2** ኣብ ውሽጢ 7 መዓልትታት ብመገዲ ኣምራጺ ኣካል ክሕብር ይግባእ።

# ክፍሊ VI ዝተፈላለዩ ዓንቀጻት

## ዓንቀጽ 31 ግሉጽነትን ተሓታትነትን

ማሕበር ጉዳያቱን ንጥፈታቱን ብግሉጽነትን ብተሓታትነትን የሰላስል።

## ዓንቀጽ 32 ምምሕያሽን ኣተረጓግማኡን

**32.1** ምምሕያሽ ዓንቐጻት ናይ’ዚ ማሕበር ወይ ለውጢ ክግበር እንተኮይኑ 60% ካብ ኣባላት ዓመታዊ ጉባኤ ምስ ዝሓቱን 2/3 ካብ ህልዋት ተሳተፍቲ ምስ ዝድግፍዎ ጥራይ ይትግበር።

**32.2** ኣብ ትሕቲ ካልኣይ ክፋል ናይ’ዚ ቻርተር ዝሰፈሩ ዕላማታትን መትከላትን ማሕበር ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ክልወጡ ኣይከኣልን።

**32.3** ኣብ ትርጉም ናይ’ቲ ዓንቐጻት ናይ’ዚ ማሕበር ዘይምስምማዕ ምስዝኸሰት፣ ምስ ዕላማታትን መትከላትን ማሕበር ብምዝማድ ነቲ መበቆላዊ ናይ ትግርኛ ኣገላልጻ ምውካስ ይከኣል።

## ዓንቀጽ 33 ኣፈታትሓ ግርጭታት

**33.1** ኣብ መንጐ ጽላል-ማሕበርን ማሕበራት ከተማታት ይኹን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ንዝፍጠሩ ግርጭታት ኣብ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምቕራቦም፡ ብሽምግልና ይፍትሑ።

**33.2** ኣብ መስርሕ ሽምግልና ንዝኸሰቱ ወጻኢታት ብዝምልከት፡ ማሕበር ይሽፍኖ። ካብ ዓቕሚ ማሕበር ዝኾኑ ጉዳያት ግን ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ሽወደን ይዳነዩ።

## ዓንቀጽ 34 ምስራዝ ማሕበር

**34.1** እቲ ማሕበር ክፈርስ ወይ ክስረዝ እንተኾይኑ 60% ካብ ተሳተፍቲ ዓመታዊ ኣኼባ ብጽሑፍ ንሓጋጊ ሽማግለ ክሓቱ ይግባእ።

**34.2** ማሕበር ንክፈርስ ዝሓልፍ ውሳኔ፡ ሰለስተ ርብዒ (3/4) ደገፍ ካብ ተሳተፍቲ ዓመታዊ ጉባኤ ክረክብ ይግባእ። ትግባረኡ እውን ብውሽጣዊ ስምምዕ ይረጋገጽ።

**34.3** ማሕበር ክፈርስ ምስ ዝውሰን፡ ኩሎም ጸጋታትን ፋይናንሳዊ ትሕዝቶታት’ዚ ማሕበር ዕዳታቱ ድሕሪ ምሽፋን ንዕላማታት ብዝሳነ መገድን ኣባላት ንዝተሰማምዕሉ ዘይመኽሰባዊ ማሕበር ወይ ትካል ይወሃብ። ዝኮነ ኣባል ናይ’ዞም ጸጋታትን ፋይናንሳዊ ትሕቶታትን እዚ ማሕበር ተጠቃሚ ክኸውንን ብውርሲ ክወስድን ኣይክእልን።

# ምስክርነት

ኣነ ________________________________________ ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ብዝተዋህበኒ ሓላፍነት መሰረት ኣብ ክንዲ ማሕበር ኮይነ እዚ ተታሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ ሰነድ፡ ኣብ’ቲ ብሕጋዊ ኣገባብ ተጻዊዑ ብዕለት 26 - 27 ጥቅምቲ 2019 ዝተኻየደ ዓመታዊ ጉባኤ ከም እማመ ዝቐረበን ብናይ ሓባር መረዳእታን ውሳኔን ከምዝጸደቐ የረጋግጽ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ______________________________

ዕለት 27 ጥቅምቲ 2019

ሽወደን

Svensk-Eritreanskt Riksförbund för Rättvisa och Mänskliga Rättigheter
ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ንፍትሕን ሰብኣዊ-መሰላትን
جمع ارتری سویدی للعدل وحقوق الانسان.
Swedish-Eritrean National Association for Justice & Human rights

ጥብቆ 1

**መስረትቲ ኣባላት ማሕበር**

| ተራ ቁ. | ስም ተወካሊ | ከተማ | ክታም |
|---|---|---|---|
| 1 | ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምድ ዓሊ | Umeå | |
| 2 | ግርማይ በርሀ | | |
| 3 | ተኻሊ ዓንደማርያም | | |
| 5 | ዮውሃንስ ዜናዊ | Luleå | |
| 5 | ወልድኣብ ዮውሃንስ | | |
| 6 | ተስፋልደት መሓሪ | | |
| 7 | ናስር ኑሩ | Skellefteå | |
| 8 | ተስፋማርያም ዓንደ | | |
| 9 | ተወልደ ተመስገን | | |
| 10 | ሓጐስ ከበደ | | |
| 11 | ክፍሉ ጠዓመ ገብረሂወት | Boden | |
| 12 | ሳሙኤል ኢዮብ ስዩም | | |
| 13 | ኣንበሳ ኣፍወርቂ ናይዝጊ | | |
| 14 | ተስፋልደት ሃብተሚካኤል | Sundsvall | |
| 15 | ያቆብ ስዩም | | |
| 16 | ግርማይ ዘወንጌል | | |
| 17 | ጸጋዘኣብ ገብሩ | Älvsbyn | |
| 18 | ጠዓመ ኣድሓኖም ጸገዝኣብ | | |
| 19 | ዮውሃንስ ኣብራሃም | Örnsköldsvik | |
| 20 | ብርሃነ ወልደሚካኤል | | |
| 21 | ያሲን እሕመድ | Östersund & omnejd | |
| 22 | ምሉእ ነጋሲ | | |
| 23 | ሳሚኤል ተስፋማርያም | | |
| 24 | ዳዊት መብራህቶም | | |
| 25 | ቴድሮስ ተስፋኣለም | Härnösand | |
| 26 | ሳምሶም የማነ | | |
| 27 | ሙሴ ኤፍሬም | Stockholm | |
| 28 | ሮቤል ተኽላይ | | |
| 29 | ሰምሃር ገብረስላሴ | | |
| 30 | ዓወት መዓሾ | | |
| 31 | ኤፍሬም ተወልደ | | |
| 32 | ዓብደል ዓዚዝ | | |
| 33 | ትርሓስ ተኽላይ | | |
| 34 | ሮቤል ታረቐ | | |
| 35 | ዓብደላ መሓመድ ኣደም | | |

| ተራ ቁ. | ስም ተወካሊ | ከተማ | ክታም |
|---|---|---|---|
| 36 | ምሕጹን ተኽለኣብ | Uppsala | |
| 37 | ገብርኤል ሓጐስ | | |
| 38 | ኣይዳ ኪዳነ | | |
| 39 | ሚኪኢል ተኽላይ | | |
| 40 | ሚኪኤል ክብረኣብ | | |
| 41 | ቴድሮስ ዑቕበኣብ | Gävleborg | |
| 42 | ኢብራሂም ኣሕመድ | | |
| 43 | ኣስመላሽ መሓሪ | | |
| 44 | ዑስማን ሽፋ | Örebro Län | |
| 45 | ኢሳያስ ገብረሚካኤል | | |
| 46 | ኤልሳ ዮውሃንስ | | |
| 47 | ሙሉእ ተስፋሃንስ | Västmansland | |
| 48 | ንጉሰ ኣስመላሽ | | |
| 49 | ሳይሞን ሃብተ | | |
| 50 | ሚካኤል ኣለም | | |
| 51 | ብርሃነ ማሓረና | Bollnäs | |
| 52 | በርሀ ተሾመ | | |
| 53 | ጃብር ኣንገሶም | | |
| 54 | ብርሃነ ኪዳነ | Göteborg | |
| 55 | ኤልሳ እዮብ | | |
| 56 | ጐይቶም የዕብዮ | | |
| 57 | ወሰንሰገድ ሓጐስ | | |
| 58 | ደበሳይ ብርሃነ | | |
| 59 | ኣማን ጸገሃንስ | Skara | |
| 60 | ሰልጠነ አስመላሽ | | |
| 61 | ሰይድ መሓመድ | | |
| 62 | ተስፋይ ረዘነ | Jönköping | |
| 63 | ሰሎሞን ገብረስላሴ | | |
| 64 | የማነ ደስታ | Lund | |
| 65 | ተስፎም ሰለሙን | | |
| 66 | ኩሉብርሃን ፍስሃየ | Avesta | |
| 67 | ሃብቶም ተስፋይ | | |
| 68 | ኣብርሃም ገብረየሱስ | Dorotea | |
| 69 | ኣድሓነት ደስታ | Kristianstad | |
| 70 | | | |
| | | | |